# ምእላይ ጎሓፍ

ንምእላይ ጎሓፍ፡ ኣብያተ ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ምምሕዳራት ከተማታት ሓላፍነት ይስከሙ። ስለዝኾነ ነናይ ገዛእ ርእሶም ሕግታት ምሕደራ ምእላይ ጉሓፍ ኣለዎም። ንጎሓፍ በብዓይነት ምፍልላይ ልዑል ዋጋ ይወሃቦ። ስለ'ዚ ነናቱ መእከቢ ጎሓፍ ኣለዎ።

## ምፍልላይ ጎሓፍን / ደጊምካ ምምስራሕን

ጎሓፍ ምፍልላይ ንምዕቓብ ኣከባብን ገንዘብ ንምቑጣብን ሓጋዚ ኢዩ። ካልኣይ ዝምስራሕ ከምኡ'ውን ኣከባቢ ዘበላሹን ጎሓፍ ነናቱ ፍሉይ መእከቢ ኣለዎ። ናይ ካርቶን/ወረቐት፡ ናይ ባተሪ፡ ናይ ጥርሙዝ፡ ሓምላይ ጎሓፍ/ ኣታኽልትን ቆጽለ መጽልን፡ ዘይቲ፡ ኣጭርቕ፡ ሓጺን ወዘተ... እናተባህሉ ይፍለዩ። እዚኣቶም ምስቲ ሓፋሻዊ ጎሓፍ ኣይሕወሱን'ዮም። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ወይ ከተማ ናይ ገዛእ ርእሱ መደባት ምእላይ ጎሓፍ (Entsorgungsplan | Plan de ramassage) ወይ ዓውደ ኣዋርሕ ምእላይ ጎሓፍ (Abfallkalender | Calendrier des déchets ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ሓብሬታ ንነፍስ ወከፍ ነባራይ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ዝምዝገበሉ ግዜ ይወሃቦ። ኣየናይ ዓይነት ጎሓፍ መዓስን ኣበየናይ ቦታን ብኸመይን ከምዝጎሓፍ ብዝርዝር ይሕበር። ጎሓፍ ምንዳድ ወይ ኣብ ዘይግብኦ ቦታ ምድርባይ ኩልኩል ኢዩ። ፕላስቲክ መትሓዚ ፈሳሲ (PET-Flaschen | Bouteilles en PET) ከምኡውን ካልእ ባኮታት ዳርጋ ኣብ ኩሉ ንግዳዊ ቦታታት ብዘይ ክፍሊት ክምለስ ይከኣል።

## ፕላስቲክ(ጎማ) መትሓዚ ጎሓፍ / ፍሉይ ምልክት ዘለዎ ተለጣፊ

ዳግማይ ክምስራሕ ዘይከኣል ጎሓፍ (ተረፍ መግብን ካልእን)፡ ኣብ ንዑኡ ዝተዳለወ ፕላስቲክ(ጎማ) ተኣኪቡ፡ ብምምሕዳር ከባቢ ወይ ከተማ ኣብ ዝተወሰነሉ ቦታ ይጎሓፉ። ዋጋ መትሓዚ ጎሓፍ ፕላስቲክ(ጎማ) ወይ ፍሉይ ምልክት ዘለዎ ተለጣፊ ወረቐት፡ ርትዓዊ ክፍሊት ይውሰን። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ተለጣፍን መትሓዚ ጎሓፍ ፕላስቲክን(ጎማ) ኣለዎ። ንሱ ከኣ ካብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ካብ ትካላት ንግዲ እቲ ከባቢ ይዕደግ። ጎሓፍ ዝሓዘ ፕላስቲክ(ጎማ) ኣብ ውሱን መዓልታት፡ ኣብ ጎደና ይውጽእ። ኣብ ገለ ከባቢ ከኣ ኣብ ፍሉይ መእከቢ ጎሓፍ ይእከብ። ካብ'ቲ ዝተወሰነሉ መዓልትን ግዜን ወጻኢ ጎሓፍ ኣብ ደገ ምግባር ክልኩል ኢዩ። ኣብ ገለ ብዙሓት ስድራቤታት ዝቕመጥሉ ህንጻታት፡ ኮንተይነር መእከቢ ጎሓፍ ዝሓዘ ፕላስቲክ(ጎማ) ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህሉ ንምምሕዳር ከባቢ ወይ ንጎረቤት ምውካስ ይከኣል።

## ፍሉይ ጎሓፍ

ፍሉያት ጎሓፉት (Sonderabfälle | Déchets spéciaux) ብፍሉይ ክእለዩ ኣለዎም። መርዛማት ጎሓፉት ንኣከባቢ ክብክሉ ወይ ኣብኡ ንነውሕ ግዜ ከጸንሑ ይኽእሉ። ቀለማት(ሕብሪ)፡ ቀመማት፡ ባተሪ፡ ኣቕሑት ኤለትሪክ፡ ኤለትሪክ ዝቑጥቡ ላምባታት(ልቺታት) ወይ መዓልቶም ዝሓለፎም መድሃኒታት ከም ኣብነት ክቀርቡ ይኽእሉ። እዚኣቶም ምስ ተረፍ መግብን ካልእ ጎሓፍ ገዛን ብፍጹም ክሕወሱ የብሎምን። ኣብቲ ዝተገዝኡሉ ቦታ ተመሊሶም'ዮም ክጎሓፉ ዘለዎም። እቲ መስራሒ ወይ ኣፍራዩ ትካልን እቲ ሸያጢ ትካልን ነዚኣቶም ኣብ ምእላይን ምጉሓፍን፡ ካብ ተጠቃሚ ብዘይ ክፍሊት ክቕበልዎም፡ ግዴታን ግቡእን ኣለዎም።

**ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)**

www.hallo-bern.ch/ti/housing/waste-disposal